Washington State Health Care Authority

# ናይ ኣድልዎ ጥርዓን

በዓል ስልጣን ክንክን ጥዕና ዋሺንግተን ስቴት (HCA) ብናይ ኣሜሪካውያን ውዕል ስንክልና 1990 (ADA) ንክፍሊ 1557 እኹል ክንክን ውዕል ሓዊሱ ንካልኦ ሰብኣዊ መሰላት ዝምለከቱ ሕግታት ኣድላይ ዝኾነ እዚ ዝስዕብ ናይ ጥርዓን ኣሰራርሓ ኣማዕቢሉ ኣሎ፡፡ ኣብ ዓሌት፣ ሕበሪ፣ ብሄራዊ መቦቆል፣ ናይ ጾታ ድልየት፣ ጾታ፣ ጾታዊ መግለጺ ወይ መፍለይ፣ ሃይማኖት፣ ናይ ሰዳር ኩነታት፣ እምነት፣ ብኽበሪ ዝተሰናበተ ወይ ወታደራዊ መዓርግ፣ ዕድመ ፣ስንክልና ወይ ዝሰልጠነ ከልቢ መምርሒ ምጥቃም ወይ ስንክልና ንዘለዎ ናይ እንስሳ ኣገልግሎት ምጥቃም ተመስሪቱ ንዝበጽሐኩም ኣድልዎ ናብ HCA ጥርዓን ከተቕርቡ እንተደሊኻብኽብረትካ ኣብ ታሕቲ ዝቐረበ ከይዲ ተኸተል፡፡

1. ጥርዓንካ ብጽሑፍ ኣቕርብ፤ ከምኡ እውን ብዛዕባ እቲ ዝቕርብ ክሲ ኣድለዎ ስም፣ ኣድራሻን ናይቲ ከሳሳይ ቁጽሪ ተሌፎንን፣ እቲ ዝርከበሉ ቦታ፣ ዕለትን ናይቲ ጸገም መግለጽን ሓወሲ ሓበሬታ ኣካትት፡፡ ክስታት ንምእታው ዝህልው ኣማራጺታት፤ ከም ናይ ቃል መሕትት ወይ ናይቲ ከሳሲ ዝተቐረጸ ድምጺ ንስንክልና ዘለዎም ሰባት ብዘቕተርብዎ ሕቶ መሰረት ክቐርብ እዩ፡፡ ክሲታት ንምኽፋት ኣማራጺታት ንምርኣይ ናብ HCA ብ 1-855-682-0787 ደውል፡፡ ናይ ምስማዕን ምዝራብ ጸገም ዘለኩም ሰባት ብኽብረትኩም ብ711 ዲልኩም ግቡእ ኣገልግሎት ርኸብ፡፡

2. እቲ ጥርዓን እቲ ዝቕርብ መጥቃዕቲ ካብ ዝበጽሓሉ እዋን ጀሚሩ ኣብ ዘለው 90 መዓልታት ናብ ናይ HCA’s ADA ናይ ጥርዓን ኦፊሰር ኣቕርብ፡፡

   ADA Compliance Officer
   Washington State Health Care Authority
   P.O. Box 42704
   Olympia, WA 98504-2704

3. እቲ ጥርዓን ምስቀረቡ ኣብ ዘለው 15 ናይ ስራሕ መዓልታት HCA’s ADA ናይ ጥርዓን ኦፊሰር ንዓኻ ብኣካል፣ በተሌፎን ወይ ብካልኦት ኣገባባት ረኺቡ ብዛ EBA እቲ ጥርዓንን መፍትሒታትን ምሳኻ ክመያየጥ እዩ፡፡ HCA’s ADA ናይ ጥርዓን ኦፊሰር ድሕሪ ምርኻኩም ኣብ ውሽጢ 15 ናይ ስራሕ መዓልታትን ንዓኻ ምቸው ብዝኾነ ኣማራጺ ቅዲ ብሕትመት፣ ብብሬል ወይ ብናይ ድምጺ ሪከርድ ክምልሰልካ እዩ፡፡ እቲ መልሲ ናይ HCA’s ሓሳብን ናይ ጥርዓን ኣፈታትሓ ኣማራጺታትን ክገልጽ እዩ፡፡

4. እቲ HCA’s ADA ናይ ጥርዓን ኦፊሰር እቲ ጉዳይ ምስዘይፈትሖ እቲ መልሲ ምስረኸብካ ኣብ ዘለው 15 ናይ ስራሕ መዓልታት ውሽጢ ናብ HCA ኢንተርፕራይዝ ሓላፊ ሓደጋ ክትጠርዕ ትኽእል፡፡ ከመይ ከምእትጠርዕ ኣብቲ እትቕበሎ ናይ HCA’s ADA ናይ ጥርዓን ኦፊሰር መልሲ ክግለጽ እዩ፡፡

   እቲ ጥርዓን ካብ ዝቕርብ ኣብ ዘለው 15 ናይ ስራሕ መዓልታት HCA ኢንተርፕራይዝ ሓላፊ ሓደጋ ብኣካል፣ በተሌፎን ወይ ብካልኦት ኣገባባት ረኺቡ እቲ ጥርዓንን መፍትሒታትን ምሳኻ ክመያየጥ እዩ፡፡ እቲ ርክብ ስዒቡ ናይ HCA ኢንተርፕራይዝ ሓላፊ ሓደጋ ኣብ ውሽጢ 15 ናይ ስራሕ መዓልታት ናይቲ ጥርዓን ናይ መወዳእታ ውሳነ ኣመልኪቱ መልሲ ክህበካ እዩ፡፡ እቲ መልሲ ብጽሑፍ ዝውሃብ ኮይኑ ነቲ ከሳሲ ብዝምቾ ብዝኾነ ንዓኻ ተበጺሒ ብዝኾነ ኣማራጺ ብሕትመት፣ ብሬል ወይ ብናይ ድምጺ ሪከርድ ክምልሰልካ እዩ፡፡

እቲ ሓበሬታ ኣብ መርበብ ሓበሬታ HCA ኣብ ትሕቲ “Nondiscrimination” ሊንክ ኣብ መበገሲ ገጽ www.hca.wa.gov ይርከብ